# ካብ ሕማም STREPTOCOCCUS PNEUMONIA ይከላከል!

## ክታበት Pneumococcal (PNEUMO-P)




### እዚ ክታበት ካብ እንታይ ይከላኸል፧

ክታበት ኑሞኮካል፡ ፖሊሳካራይድ ኮይኑ ካብ ሕማም ኒሞኮካል ይከላኸል። እዚ ሕማም ብባክተርያ ዝስዕብ ኮይኑ፡ ቀልል ዝበለ ረኽሲ (ረኽሲ እዝኒ፣ ረኽሲ ምሳኩቲን) ከምኡ እውን ከቢድ ረኽሲ (ረኽሲ ደምን፣ መኒንጃይትስ ወዘተ)  ከምጽእ ይክእል።

### እዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ፧

- 65 ዓመትን ልዕሊኡን ዕድመ ዘለዎም፡ ወይ ንሓደጋታትን ሕዱር ሕማምን ዘቃልዑ ከም ሕማም ሳንቡእ፡ ሕማም ሽኮር ወዘተ ምስዝህልወካ።
- 65 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ጥዑያት ሰባት 1 ዶዝ የድልዮም። ከም ሕማም ሽኮር፡ ኤችኣይቪ ወዘተ ዘለዎም 1 ወይ 2 ዶዝ ናይዚ ክታበት የድልዮም።



### ነዚ ክታበት መን ክወስዶ የብሉን፧

ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰድካ ከቢድ/ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርልካ ዝፈልጥ እንተኮይኑ ፡ ወይ ነፍሰጾር እንተኾይንኪ፡ ነዚ ክታበት ክትወስድዎ ኣይግባኣኩምን።




### እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፧

እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአሉ ቦታ ምቕያሕ፡ሕበጥ፡ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ረስኒ፣ ሸውሃት ምግዳል ወዘተ ዘጠቓልሉ እዮ። ነዚ ምልክታት ጎናዊ ሳዕቤናት ንምቁጽጻር፡ ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ነቲ ረስኒ ወይ ቃንዛ ንምጉዳል ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

---

**ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ እትኽእሉ፡**

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA's Multilingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን ሓገዝ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ብምጥዋቕ  booking.aimga.ca  ቆጸራ ሓዙ

AIMGA
Alberta International Medical Graduate Association

19 TO ZERO
UNITED AGAINST COVID-19

Financial contribution:
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada

ACTION 4 HUMANITY DEVELOPMENT FOUNDATION
CREATING BRIGHTER FUTURE